# ቛንቛ ጀርመን ምጽናዕ

ቛንቛ ጀርመን ብትኽኽል ንምጽናዕ ናብ ስልጠና ናይ ቛንቛ ጀርመን ምስታፍ የድሊ። ንስልጠና ዝምልከት ምስ ዝተፈላለየ ኩነታት ናይ ናብራ ዝኸይድ ቀረባት ስልጠና ቛንቛ ጀርመን ኣብ ዞባ Basel ተዳልዩ ኣሎ።

## ቀረባት ስልጠና ቛንቛ ጀርመን

ንዝተፈላለዩ ወገናት ዝዓለመ ስልጠና ቛንቛ ጀርመን ኣብ ዞባ Basel ካብ ብዙሓት ኣቕረብቲ ተዳልዩ ይርከብ። ገለ ኣቕረብቲ ናይ ንግዲ ትካላት ክኾኑ ከለዉ ካልኦት ከኣ ንብዙሕ ጉዳያት ዝዓለሙ ናይ መንግስቲ ትካላት እዮም። ናይ ላቲን ፊደላት ዘይፈልጡ ወይ ዝብርትዓም ሰባት ናይ ላቲን ፊደላት (Alphabetisierungskurs) ክምሃሩ ይከኣል። ቅድሚ ናይ ቛንቛ ጀርመን ስልጠና ምውሳድ: ሰባት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነት ስልጠናታትን ዋጋኡን ብንጹር ክፈልጡ ይግባእ። ንኣዴታት ምስ ሕጻናት ደቀን ዝወሃብ ፍሉይ ስልጠናውን ኣብ ብዙሕት ምምሕዳር ከባቢታት ኣለዉ። ንወለዲ ምስ ደቆም ፍሉያት ስልጠናታት ምስ ምእላይ ቆልዑት ኣለው። እቲ Ausländerdienst Baselland (ald) ወይ ምምሕዳር ከተማ ብዛዕባ እዞም ቀረባት ሓበሬታ ይዝርግሑ።

## ደረጃ ምልከት ቛንቛ

ሓደ ሰብ ጀርመንኛ ክሳብ ክንደይ ጽቡቕ ጌሩ ከም ዝዛረብ "ሓፈሻዊ ናይ ኤውሮጳ ረፈረንስ" ተጠቒምካ ክዕቀን ይከኣል። ናይዚ ኣሕጽሮተ ቃል GER እዩ። CEFR ንቛንቛ ዝምልከት ደረጃ ኮይኑ 6 ደረጃታት ኣለዎ፡ A1, A2, B1, B2, C1 and C2። ደረጃ A1 ወይ A2 እንተሃልዩካ መሰረታዊ ኣፍልጦ ቛንቛ ጀርመን ኣለካ። ኣብ ደረጃ C1 ወይ C2 እንተበጺሕካ ጽቡቕ ጌርካ ምዕቡል ኢኻ።

- ኣብ ስዊዘርላንድ ኣፍልጦ ዘለዎ ሞያዊ ስልጠና ክትገብሩ ትደልዩ ዶ? ድሕሪኡ ደረጃ B1 ወይ B2 የድልየካ።
- ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክትመሃር እንተደሊኻ ደረጃ C1 ወይ C2 የድልየካ።

## ምወላ / መምሃሪ ባጀት

ንስልጠና ቛንቛ ጀርመን ዝግበር ክፍሊት ከም ሕጊ ነብሲ ወከፍ ሰብ ነቲ ስልጠና ዝወስድ ባዕሉ ክኸፍሎ ይግባእ። እቲ ዋጋ ርትዓዊን ምስቲ ዝወሃብ ስልጠና ዝዛመድን ዘዋጽእን እዩ። ገለ ገለ ስልጠናታት ግን ብካንቶን Basel-Landschaft ወይ ብቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ይምወሉሞ በዚ ከኣ ሕሱራት ይኾኑ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselland.ch/ti/language-and-integration/learning-german